# መወከሲ ጽሑፍ ብዛዕባ መንግስታዊ ሓገዝ

## ሀ ኣቀዲምካ ክትፈልጦ ዘለካ ክንደይ ሓገዝ ከም ትረክብ

<u>መሰል ናይ መንግስታዊ ሓገዝ</u>

እቲ ሕጊ ናይ መንግስታዊ ሓገዝ ናይ ካንቶን ሽዊጽ ብዛዕባ'ቲ ዕማሙ ናይ ብሕታዊ ቁጠባዊ ኩነታት ይነግር። እቲ ቤት ጽሕፈት ብቁጠባ ጥራሕ ኣይኮነን ሓበሬታን ምኽርን ዝህብ። እቲ ዕላማ ነብስኻ ምኽኣልን ብነብስኻ ምሕዳርን እዩ። ሓደ ሰብ መነባብሮ ነብሱን ስድራኡን ብሓደ ምስኡ ዝነብሩ ብናቱ እቶት እንተ ዘይከኣለ፡ መሰል ኣለዎ መንግስታዊ ሓገዝ ክረክብ ብሕጊ ዓንቀጽ 15 ኣብ ዕለት 18 ግንቦት 1983 እኹብ ሕጊ 380. 100 ተመልከተ።

<u>ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት</u>

ንዓኻ ዝተፈላለየ ዓይነት ሓገዝ ዝገብረልካ ኣብቲ እትነብረሉ ቦታ ይኸውን።

<u>እንታይ ማለት እዩ ጽሑፍ እንተ ኣቕሪብካ፧</u>

እቲ ሓገዝ ብጽሑፍ ኰይኑ፡ እንታይ ዓይነት ሓገዝ፡ እቲ ዓቐን ሓገዝ ንፈልጦ። ቅድሚ ሓገዝ ትረክብ እቲ ጽሑፍ ፈርሞ፡ ዘገልግል ፓስፖርት ክተቕርብ ኣለካ።

<u>እንታይ እዩ ከም እቶት ዝሕሰብ፧</u>

- እቶትን ተወሳኺ ኣታዊ ደሞዝን ምስ ተወሳኺ ክፍሊት ናይ ስድራቤት፡ ቆልዑ፡ ክብሪ ደረጃ፡ ተተኻኺኢ ስራሕ (ናይ ንግሆ፡ ድሕሪ ፍርቂ መዓልቲ፡ ናይ ለይቲ)፡ ተወሳኺ ናይ ልደት፡  ሂያብ ደለላ፡ ወሰኽ፡ ጥሮታ ወዘተ።
- ክፍሊት ንኣብነት ከም ምጒዳል ናይ መድሕን፡ ጥሮታ ንዓበይቲ፡ ንስንኩላን፡ ንሰብኣያ ዝሞተ/ ሰበይቱ ዝሞተት፡ ንዘኽታም ምስኡ ድማ ክፍሊት ትወሃቦ ብሕማም ሓደጋ መኸኒያት፡ ስራሕ ኣልቦነት፡ ማህደረ ትምህርትን ውትሃድርነት መድሕንን ወዘተ። (ጽሑፍ ናይ መድሕን፡ ምስክር ናይ ዝተፈላለየ መድሕን ንኣብነት ናይ ሕማም፡ ሓደጋ፡ ሂወት፡ ሰራሕተኛ፡ መዓልታዊ እተውጽኦ ኣብ ናብራ፡ ኣቑሑት ገዛ፡ ውሕስነት ክተርኢ ኣለካ)
- ሓደ ግዜ ወይ ቀጻሊ ገንዘብ ዝሃበካ ሰብ (ንኣብነት ደገፍ፡ ክፍሊት ንወለዲ፡ ሓገዝ ነዝማድ፡ ክፍሊት ንደገፍ ወዘተ) ትካላት፡ መንግስታዊ ወይ ውልቃዊ ማሕበራት ንረዲኤት ወዘተ።
- ውርሻ፡ ሂያብ፡ ዝተፈላለየ ስዕረት ናይ ዕጫ ወዘተ።
- ካሕሳ ኣይቁጸርን እዩ ንናብራኻ ክተካይዶ ኣይኮነን ረኺብካዮ። ክሲ መተካእታ ግን ይሕሰብ እዩ።

<u>እንታይ እዩ ከም ሃብቲን ካፒታልን ዝሕሰብ፧</u>

- ገንዘብ፡ ቅሙጥ ገንዘብ ኣብ ባንክ (ወላ ኣብ ወጻኢ ሃገር)፡ ብርክታት፡ ትጽበዮ ወለድ ካብ ልቃሕ፡

  ትጽበዮ ኣታዊ ክፍሊት ወዘተ።
- ዝኾነ ዓይነት ዋጋ ዘለዎ ነገራት (መኪና፡ ስልማት ሓድሽን ዝነበረካን)
- ንብረት (ወላ ወጻኢ ካብ ስዊዘርላንድ ይኹን) ምስኡ ገዛ በዘይ ክፍሊት ትጥቀመሉ እንተ ኰንካ ወዘተ።

እቲ ዕዳን ዘይተከፍለ ሕሳብ ዕዳን እንታይ ከኸውን እዩ፣

እቲ ሓጋዚ ቤት ጽሕፈት እቲ ዕዳ ኣይከፍልን እዩ፡ ወላ ኣይንኸፈሎ ግን ዕዳኻን ሕሳብ ዘይተከፍለ በጃኻ ግለጸልና ምእንቲ መፍትሒ ክንርኽበልካ፡ ብዛዕብኡ ምስቲ ዝምልከቶ ኣካል ተዛራረብ። እቲ ሓገዝ ትረኽቦ ንሕብረካ ከም ትሕጃ ክወሃብ ኣይፍቀድን እዩ።

## ለ መሰልን ግቡእን

ግድነት ምግላጽ

እቲ ቤት ጽሕፈት ብስርሑ ዝኣክል ግቡእ እዩ ቁጠባዊ ኩነታትካ ከጻሪዮ ድሕሪኡ ይውስን ብዛዕባ ዓይነትን ዓቕንን ብዓንቀጽ 18 ስርዓት ናይ ምምሕዳር ብዕለት 6 ሰኔ 1974 ብስርዓት እኩብ ሕጊ 234. 110 ረኣይ። ሓገዝ ዝሓትት ናይ ግድን እዩ እቲ ሓቂ ብዛዕባ ደሞዝ፡ ሃብቲ፡ ስድራቤት ክነግር ኣለዎ፡ ወረቓቕቲ ብዛዕባ ውዕል ናይ ገዛ ክራይ፡ እቶት፡ ወሳኔ ናይ ቤት ፍርዲ ወዘተ ክተርኤና ኣለካ። ብእኡ ምኽኒያት እቲ ጽሑፍ ምስ ኩሉ ዘድልዩ ወረቓቕቲ ምእንታን ክምርመር ብጽሑፍ ኣቕርብ ብዓንቀጽ 19 ስርዓት ናይ ምምሕዳር ምስኡ ዓንቀጽ 10 ንዝተፈጸመ ሕጊ ናይ መንግስታዊ ሓገዝ ብዕለት 30 ጥቅምቲ 1984 እኩብ ሕጊ 380. 111 ረኣይ።

ግድነት ምትሕብባር

ሓገዝ ዝሓትት ናይ ግድን ኩነታቱ ከጻረ ክትተሐባብረና ዝኾነ ለውጢ ብወገንካን ብቁጠባዊን ኩነታትካ ምስ መንግስታዊ ደገፍ ዘተሓሓዘ እንተ ኮይኑ ብቐልጡፍ ክትነግረና ኣለካ (ንኣብነት ስራሕ ምጅማር፡ ምቅይያር ናይ ስራሕ ዕማም፡ ስራሕ ወይ ቦታ ምቅይያር ወዘተ)። ዘይግበኣካ ሓገዝ ትረከብ እንተ ነይርካ፡ ግቡእካ ዘይገበርካ፡ ሕጊ ጢሒስካ ገንዘብ ክውሕድ ወይ ኣይክትወሃብን እኻ፡ እዚ ብጽሑፍ ምስ መረዳእታ (ምኽኒያት) ክነቅርቦ ኢና። ቅድሚኡ ግን መሰልካ እዩ ብሕጊ ክትስማዕ።

ግድነት ኣዝማድ ምሕጋዝ (ብዓንቀጽ 24 26  ሕጊ መንግስታዊ ሓገዝ)

እቲ ግድነት ንደገፍ ስድራቤትን ኣዝማድን ብምዕራፍ 328 ሲቪላዊ ሕጊ ቀዳምነት ቅድሚ ቁጠባዊ ሓገዝ ኣለዎ፡ በቲ ስርዓት ናይ ስዊዝ ሲቪላዊ ሕጊ ገና ዝሰርሕ እዩ።

ግድነት ገንዘብ ምምላስ (ብዓንቀጽ 25  ሕጊ መንግስታዊ ሓገዝ)
ሓገዝ ዝተወሃበ ዘይግብኡ ወይ ቁጠባዊ ኩነታቱ ተመሓይሹ ናይ ግድን ገንዘብ ንነብሱ በዓል በይቱን ደቁን 18 ዓመት ዘይበጽሑ ዝተወሃበ ክመልሶ ኣለዎ። ወረስቲ ገንዘብ ዝወረሱ ይመልሱ ሽዑኡ እቲ ዝምድናን ርክብን ናይቲ ዘውረሰ ይርኤ። ሓገዝ ዝረኸበ ስጋብ 18 ዓመት ዝገብር ወይ ስጋብ ትምህርቲ ዝውድእ ገንዘብ ኣይመልስን እዩ። እቲ ገንዘብ ዝምለስ ብዘይ ወለድ እዩ። እቲ ግድነት ምምላስ ድሕሪ 20 ዓመት መወዳእታ ክፍሊት ትረኽቦ ዝነበርካ ይጠፍእ እዩ። ሓገዝ ነዝማድን፡ ገንዘብ ዝምለስ እቲ ቤት ጽሕፈት ዝኸፍል ዝነበረ እዩ ዝምልከቶ።

ሓገዝ ኣቀዲሙ ዝተኸፈለ ንማሕበራዊ መድሕን፡ ውልቃዊ መድሕን ወይ ንሳልሳይ ኣካል (ንኣብነት ስንኩላን መድሕን) ንሕሉፍ ተወሳኺ ክፍሊት ዝምልከት ክምለስ ኣለዎ። እቲ ቤት ጽሕፈት ኣቀዲሙ ዝከፈለ ካብቲ መድሕን ወይ ካብቲ ሳልሳይ ኣካል እቲ ተወሳኺ ክፍሊት ከምቲ ብዝሒ ኣቀዲሙ ዝተኸፈለ ከም ዝምለሶ ክገብር ይኽእል እዩ።

ሕጋዊ ተግባርነት

ሓገዝ ዝረክብ ሕጋውን ሲቪላዊ ጉዳያት ከካይድ፡ ውዕል ክኣቱ ለበዋ ክጽሕፍ ወይ ኣብ ፍርዲ ክቀርብ ይኽእል እዩ። ሓገዝ ስለ ትረክብ ሳዕቤን ኣብቲ ናይ ወለዲ ነገራት የቡሉን። ቤት ጽሕፈታት ንደገፍ ውክልና እንተ ኣለዎም ንመሰልን ግቡእን ይማጎቱ (ንኣብነት ግድነት ኣዝማድ ምሕጋዝ) ይኽእሉ ኢዮም።

<u>ኩልኩል እዩ ንቁኑዕ ክትከላኸልን ክተዳናጉን ከተቃልዕን (ብምስጢር ክተሓዝ ዝግብኦ)</u>

ኣብ ቤት ጽሕፈታት ንደገፍ ብጽሑፍ እንተ ቐሪብካ ብግልጺ ክነጽግዎ ወይ ከይወሰኑ ክገድፍዎ ወይ ከደንጉዩ ኣይፍቀዶምን እዩ። ኣባላት ቤት ጽሕፈት ወይ ሰባት ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝሰርሑ ግድነት ናይ ምጽቃጥ ብዓንቀጽ 5 ሕጊ ናይ መንግስታዊ ሓገዝ ኣለዎም። ምስጢር ናይ ስርሖም ከውጽኡ ኣይፍቀዶምን እዩ ብምዕራፍ 320 ብናይ ስዊዘርላንድ መቕጻዕቲ ሕጊ።

<u>መሰል ብሕጊ ክስማዕ፡ ሰነድ ምርኣይ</u>

ሰብ ሓገዝ ዝረክብ መሰል ሰነዱ ክሪኦ፡ ኣንፈት ምሓዝ፡ ሓሳቡ ክገልጽ፡ ክካፈል፡ ጽሑፍ ክምርመር፡ ውሳነ ከረድእዎ፡ ምስኡ ድማ ኣብቲ ኣካይዳ ጠበቓ ክሕዝ ይኽእል እዩ።

<u>መረዳእታ ውሳኔ ብጽሑፍ</u>

እቲ ቤት ጽሕፈት ናይ ግድን እቲ ውሳኔ ብሙሉኡ ዘይተቐበሎ ብጽሑፍ ከቕርቦ ኣለዎ። እቲ መረዳእታ ኩሉ ብሙሉኡ ክጸሓፍ ነቲ ዝምልከቶ እቲ ኣገዳስነት ክርድኦን ምስኡ ኸኣ ክነጽጎን ብሕጊ ክቀርብ ይኽእል እዩ። እቲ ሓሳባት ምስኡ ድማ ብየናይ መሰረት ከም ተሞከሰ ኣብቲ ጽሑፍ ክሰፍር ኣለዎ።

<u>ብሕጊ ምቕራብ</u>

ውሳነ ናይ ቤት ጽሕፈት እንተ ዘይተቀበልካዮ ኣብቲ ዘባዊ ምምሕዳር ናይ ካንቶን ሸዊጽ ጥራዕ። ኣድራሻ እዚ ዝስዕብ እዩ፡

Beschwerdedienst, Bahnhofstrasse 8, Postfach 1200, 6430 Schwyz።

እቲ ጥርዓን ብጽሑፍ ኣቕርቦ፡ ኣሕጽር ኣቢልካ መረዳእታ ኣቕርብ፡ ውሳነ ናይ ቤት ጽሕፈት ምስኡ ስደዶ።

<u>ሓገዝ ነብስኻ ክትሕገዝ</u>

እተን ቤት ጽሕፈታት ንደገፍ ግቡኤን እዩ ክሕግዛ ስለምንታይ ኣብ ሽግር ከይትኣቱ ወይ ኩነታትካ ባዕልኻ ክተጸብቖን፡ ክተማሐሾን ክተደላድሎን ይከኣል።

## ምኽርታት ንተግባር

ኣብ ሽግር እንተ ኣለኻ ወይ ኣብ ጸገም ከም ትኣቱ እንተ ፈሊጥካ በጃኻ ቀልጢፍካ ናብቲ ቤት ጽሕፈት፡ ናብ ሰክረታሪያ ናይ ደገፍ ኪድ። ብቁልጡፍ ምኽሪ ትረኽበሉ ንውጺኢታዊ ሓገዝ ኣገዳሲ እዩ።

እቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ እቲ ሰክረታሪያ ናይ ደገፍ ኩሉ ወረቓቕቲ ጸገምካ ዝምስክሮ የድሊዮ እዩ ("ዝርዝር ንምርማር ናይ ኣድላዪ ወረቓቕቲ ሓገዝ ክትረክብ ዘድልየካ" ረኣይ)፡ ጽሑፍ ብዛዕባ ደሞዝ (ወላ ናይ በዓልቲ ቤትካ)፡ ጽሑፍ ብዛዕባ ሓገዝ ትረኽቦ ስራሕ ከምዘየለ፡ ምስክር ናይ ማህደረ ትምህርቲ፡ ገዛ ክራይ፡ መድሕን ናይ ሕክምና ወዘተ። ቅድሚ እቲ ዝርርብ ኩሉ ወረቓቕቲ ቀሪብካ ሒዝካዮ ምጻእ፡ ሽዑኡ መሰልካ ሓገዝ ክትረክብ ቀልጢፉ ክምርመር ይከኣል እዩ።

**መግለጺ**

እቲ ሓገዝ ዝሓትት (ኣመልካቲ) እዚ መወከሲ ጽሑፍ ካብ ሓጋዚ ቤት ጽሕፈት፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ተቀቢሉ ትሕዝቶ ኣምቢቡ ተረዲኡዎ ዝብል ይገልጽ።

ሽም ኣቦኻ/ ሽምካ

ቦታ፡ ዕለት

ክታም